# መጉዚት ናይ መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ (MENA)



ንሕና ነቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ከም መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ (MENA) ጌርና ተቐቢልናዮ ኣለና።

## መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ “MENA” እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ማለት ድማ:-

- ንስኻ ትሕት **18 ዓመት** ዕድመ ምዃንካን
- ናይ በልጃዩም ዜግነት ዘይብልካን
- ወለድኻ ድማ ኣብ በልጃዩም ምሳኻ ዘየለዉን
- ኣብ በልጃዩም ቅቡል መንበሪ ፍቓድ ዘይብልካን

ኣብ በልጃዩም፡ እቶም መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛታት **መጉዚትነት**ክወሃቦም ይፍቀዶም እዩ።





## እንተኾነ ግን... እቲ መጉዚት እንታይ እዩ ዝገብር?

እቲ መጉዚት ውልቀሰብ ኮይኑ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኻ ንዓኻ ክድግፈካን ክሕግዘካን ዝመደብናዮ እዩ።

ንሳ/ንሱ ሕጋዊ ወኪልካ እዩ: እዚ ማለት ድማ ንሳ/ንሱ ንኹሎም ነቶም ኣብ በልጃዩም ንኽትነብር ክትክተሎም ዘድልዩኻ ኣገባባት ዝሕግዘካ ማለት እዩ። ንኣብነት፡ ንስኻ ናይ ዕቑባ ፍቓድ ወይድማ ኣብ በልጃዩም ንምንባር ፍቓድ ንምርካብ ምስ እተመልክት፡ ንሳ/ንሱ እቲ መስርሕ ክሳዕ ዝፍጸመልካ ኣብ ጎንኻ ኮይኑ ክድግፈካን ክሕግዘካን እዩ።

ከምኡውን፡ እቲ መጉዚት ካልኦት ነገራት ውን ይፍጽም እዩ። ኣብዚ ሓደሓደ ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል:-

- ንሳ/ንሱ ደጋጊሙ ይበጽሓካ፡
- ንሳ/ንሱ ነቲ ሰበስልጣን ብዛዕባኻ ዝህቡዎ ውሳኔ ይገልጸልካ፡
- ንሳ/ንሱ ንዓኻ ብነጻ ጠበቓ ይረኽበልካ፡ንሳ/ንሱ ኣብቲ ዝተዋህበካ መንበሪ ጽቡቕ ትነብር ከምዘለኻ ይቆጻጸረልካ ከምኡድማ፡ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ ዝበለጸ መንበሪ ቦታ ንኽትረክብ ይሕግዘካ።



- ንሳ/ንሱ ኣብ ቤት ትምህርቲ የመዝግበካ ከምኡውን ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ትኸይድ ምህላውካ የረጋግጽ።
- ዝኾነ ይኹን ናይ ጥዕና ጸገማት ምስ ዝህልወካ፡ ንሳ/ንሱ ኩሉ ጥዕናዊ ክንክን ከምዝግበረልካ የረጋግጽ፡ ንሳ/ንሱ ምሳኻ ብምምኽኻር ንገንዘብካ የማሓድር፡ ነገራት ጽቡቕ ኣብ ዘይከዱሉ ግዜ ድማ፡ ንሳ/ንሱ ጸገማትካ ይሰምዑን፡ ንሳ/ንሱ ርእይቶኻን እምነትካን የኽብሩ።
- ንሳ/ንሱ ብዛዕባ መጻኢኻ የዘራርቡኻ፡
- እንተደሊኻ ድማ፡ ንሳ/ንሱ ደሃይ ስድራኻ ንኽትገብር ይሕግዙኻ፡

ብዛዕባ መጉዚትካ ዝምልከት ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወካ፡ ንዓኣ/ንዕኡ ከተዘራርቦም ትኽእል።

## ምሳና ብኸመይ ትራኽብ?

ምሳና በዚ ዝስዕብ **24/7** ቁጽሪ ተሌፎን ክትራኽብ ትኽእል:-

**078/15.43.24**

ብተወሳኺውን በዚ ዝስዕብ ናይ ኢመይል ኣድራሻ መልእኽቲ ክትሰድድ ትኽእል:-

**tutelles@just.fgov.be**

ምሳና ንምርኻብ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ፡ ነቲ ኣሳላጢ ማሕበራዊ ጉዳያት ናይቲ ዘለኻዮ መቖበሊ ማእከል ወይ ድማ ንጠበቓኻ ክትውከስ ትኽእል።

FEDERAL PUBLIC SERVICE JUSTICE

Co-funded by the European Union



## ክሳዕ መዓስ እዩ መጉዚት ዘድልየካ?

መጉዚትካ ዕድሜኻ 18 ዓመት ክሳዕ እትመልእ ክሕግዘካ እዩ። ዕድሜኻ 18 ዓመት ምስ መላእካ፡ ናጻ ሰብ ትኾውን።

### እዚ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ማለት ድማ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓላፍነት ባዕልኻ ትወስድ ማለት እዩ። ካብዚ ግዜ እዚ ጀሚሩ እቲ መጉዚትካ ብዛዕባኻ ዝኾነ ውሳኔ ክገብር ኣይክእልን እዩ።

እንተኾነግን ኣይትሸገር፡ መጉዚትካ ንመበል 18 ዓመት በዓል ልደትካ ንምኽባር ንእትገብሮ ምድላዋት ክሕግዘካ እዩ፡ ንሳ/ንሱ ብዛዕባ ክትፈልጦም ዝግበኣካ ነገራት ምኽሪ ክህበካ እዩ።

**እንተኾነግን፡ ወለድኻ ናብ በልጂዩም እንተመጺኦምኻን፡ ወይድማ ካብ በልጂዩም እንተወጺእካን፡ እቲ ብመጉዚትካ ዝግበረልካ ዝነበረ ስራሓት ቅድሚ 18 ዓመት ዕድመ ምብጻሕካ ክቋረጽ ይኽእል እዩ።** ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኩነታት፡ ድሕሪ እዚ ግዜ እዚ መጉዚት ከምዘይብልካ ዝገልጽ ደብዳቤ ክንሰደልካ ኢና። እቲ መጉዚት ድማ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ምሳኻ ክዘራረብ እዩ።



## ምስ መጉዚትካ ጸገም ምስ ዝህልወካ እንታይ ክግበር ይከኣል?

እቲ መጉዚት ክሰምዓካን ክርከበልካን ይግብኦ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ጸገም ንዓኣ/ንዕኡ ከተዘራርብ ፈትን።

### እዚ እንተዘይሰርሐኸ?

- ምሳና ተራኸብ፡ ንሕና ነቲ ጸገም ክንፈትሖ ክንፍትን ኢና።
- ብተወሳኺውን ናብቲ ቤት ጽሕፈት ፍትሒ ንሰላም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ንሳ/ንሱ ኣብዚ ዘለዉ ነቲ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ መጉዚትካን ዘጋጠመ ጉዳይ ክፈትሑ እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ ንዓና ወይድማ ነቲ ኣሳላጢ ማሕበራዊ ጉዳያት ናይቲ ዘለኻዮ መቖበሊ ማእከል ክትውከስ ትኽእል ኢኻ።

